TIGRINYA




DeKalb County
School District

# ብዛዕባ ፕሮቶኮላት ምውዳይ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ዝምልከት እዋናዊ ሓበሬታ

*(12 ሓምለ 2021 ምምሕያሽ ተገይሩ)*

DeKalb County School District (DCSD)፡ ንተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ውሑስ ሃዋሁ ትምህርቲ ከምዝህሉ ንኽገብር ብተወፋይነት ይሰርሕ። DCSD፡ ንድሌታት ተማሃሮ ዜማልእ ምዕሩይ ትምህርታዊ ኣገልግሎት ምሃብ ዝብል ተልእኾና ብቐጻሊ ክንፍጽም መታን ኽንክእል፡ ተማሃሮ ናብ ህንጻታት ቤት ትምህርቲ ተመሊሶም ክምሃሩ ብምኽኣሎም ሕጉስ እዩ።

ኣውራጃ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ኣብ ዘይተኸትቡ ውልቀሰባት ብልዑል ቊጽሪ ይላባዕ ከምዘሎ ዝሕበር ዘሎ ጂር ዴልታ (Delta Variant ) ንዘጠቓልል ኣንፈት ናይቲ ዝጽብጸብ ዘሎ ቊጽሪ ሕሙማት ብቐጻሊ ይከታተል ኣሎ። ብመሰረት ውድብ ጥዕና ዓለም (World Health Organization)፡ እዚ ጂር ዴልታ፡ እቲ ኣብዚ እዋን ዓብሊሉ ዘሎ ዓይነት ጂር ቫይረስ ኮሮና እዩ።

እዚ ቀጺሉ ዝርከብ እተመሓየሸ ሓበሬታ፡ ኮቪድ-19 ኣብ ህንጻታት ኣብያተ-ትምህርትታትና ንምጉዳል ንዝሕግዝ ለበዋታት ፈለማ ብምትግባር፡ ናብ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብያተ-ጽሕፈትን መሳለጥያታትን ብውሑስ ኣገባብ ንኽንምለስ ዝሕግዘና መምርሒ ዝህብ እዩ።

**ማእከል ቊጽጽር ሕማማት (Center for Disease Control (CDC))፡ ኣብ 7/9/21 ነቲ መምርሒ ኣማሓዪሽዎ፣ ኣብያተ-ትምህርቲ ድማ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2021-2022፡ ንእዋናዊ ስትራተጂታት ምክልኻል ኮቪድ-19 ብቐጻሊ ንኽጥቀማ ለበዋ ይህብ።**

እቲ ብኣካል ዝውሃብ ትምህርቲ ውሑስ ንምግባርን ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ድማ መልከፍቲ ኮቪድ-19 ኣብ ምክልኻል ንምሕጋዝን ብCDC ለበዋ ዝቐረበ ቀንዲ ስትራተጂታት ምክልኻል፡ ነዚ የጠቓልል፥

1. ኣድማሰውን ቅኑዕን ኣጠቓቕማ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫእን።
2. ብዝተኻእለ መጠን ዓቢ ፍልልይ ዘለዎ ኣካላዊ ምርሕሓቕ ምግባር
3. ምሕጻብ ኣእዳውን ቅኑዕ ስርዓተ-ምስትንፋስን
4. ጽሬት ምሕላውን ጥዑይ መሳለጥያታት ምህላውን
5. ግለላን ውሸባን ብምግባር ኣሰር'ቲ ሕማም ምርካብ
6. ብፍላይ ድማ ኣብ ከባቢ ዝሓመመ ሰብ ምስእትኾኑ፡ ንምልክታት ኮቪድ-19 ተኸታተሉ። ምልክታት ኮቪድ-19 ምስዝህልወኩም፡ ክትምርመሩ ኣለኩም፣ ካብ ገዛ ክትወጹ የብሊምን ካብ ካልኦት ሰባት ድማ ርሓቑን።
7. ተኸተቡ።

DeKalb County School District፡ ነዚ ዝስዕብ ከተግብር እዩ፥

- **ኲሎም ተማሃሮ፡ ኣብ ኣውቶቡስ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝጉዓዝሉ እዋን መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫእን ክወድዩ ይግባእ።** እዚ ጠለብ'ዚ፡ ኲሎም ሰባት፡ ህዝባዊ መጓዓዝያ ኣብ ዝጥቀሙሉ እዋን፡ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ክወድዩ ይግባእ ምስ ዝብል ለበዋታት CDC ዚሳነ እዩ።
- ኣብዚ ጉጅለ ዕድመ ንዝርከቡ ሰባት ክታበት ይውሃብ ስለዘየሎ፡ ተማሃሮ መባእታ ደረጃ፡ **መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ክወድዩ ግድነታዊ እዩ።** ተማሃሮ፡ ኣብ ካፈተርያታትን ካልእ ቦታታትን መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ክወድዩ ስለዘጸግሞም፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ዓቢ ጥንቃቐታት ኽገብራ ኣለወን።

- ተማሃሮ ማእከላይ ደረጃን ካልኣይ ደረጃን ከምኡውን ኩሎም ሰራሕተኛታት፡ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ክወድዩ **ግድነታዊ እዩ።** ሽሕ እኳ እቶም ምሉእ ብምሉእ እተኸትቡ ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን (12 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ዝዕድሚኦም)፡ ብመሰረት መምርሒ CDC፡ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ክወድዩ ናይ ግድን እንተዘይኮነ፡ ልዑል ጥንቃቐ ንምግባር፡ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን፡ ኣብ ኩሉ ህንጻታት ኽግበር ናይ ግድን እዩ።
ኣውራጃ፡ እቶም እተኸትቡ ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ዘለልየሉ ውጽኢታዊ ሜላታት ገምጋም ከካይድ እዩ፣ ነቲ ኣማራጺ ምውዳይ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጨእን ድማ ዳግማይ ኽግምግሞ እዩ። **ወለዲ፡ ንስድራቤቶም ዝኸውን ዝበለጸ ኣማራጺታት ክታበት ኣየናይ ምዃኑ ንምፍላጥ፡ ንዝከታተሎም ወሃቢ ክንክን ጥዕና ክውከሱ ልዑል ምትብባዕ ይግበረሎም።**
- ምልክታት ኮቪድ-19 ዘለዎም ሰራሕተኛታት ወይ ተማሃሮ፡ ካብ ካልኦት ሰባት ተፈልዮም ካብ ገዛ ክወጹ ኣይግባእን፣ ክንክን ንኽረኽቡ ንወሃብ ክንክን ጥዕና ክውከሱ ይግባእ።
- ኣብ ውሽጢ ገዛ ዝካየድ ንጥፈታት ኣብ ዘካተተ ዝተናውሐ ፕሮግራማት ድሕረ-ትምህርቲ (After School Extended Day Programs (ASEDP))፡ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ምውዳይ **ግድነታዊ እዩ።** ኣብ ግዳም ኣብ ዝካየድ ንጥፈታት፡ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ምውዳይ **ናይ ግድን ኣይኮነን።**
- ኣብ ኣትለቲካዊ ንጥፈታት ስፖርት፡ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ምውዳይ **ናይ ግድን ኣይኮነን።** ኣብ ክፍልታት መቐያየሪ ክዳውንትን ክፍልታት ሚዛንን፡ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ምውዳይ **ግድነታዊ እዩ።** ጋንታታት ኣትሌቲክስ፡ ኣብ እዋን ስፖርታዊ ንጥፈታት ንድሕነተን ኢለን፡ ነቲ ብማሕበር ካልኣይ ደረጃ ጆርጅያ (Georgia High School Association) እተዳለወ ኩሉ ፕሮቶኮላት ክኽተላ ይግደዳ።

እተን ኣብ ውሽጢ ገዛ ዝእከባ ኩለን ክበባት፡ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ክወድያ **ግድነታዊ እዩ።** ኣብ ግዳም ኣብ ዝካየድ ንጥፈታት፡ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ምውዳይ **ናይ ግድን ኣይኮነን።**

- ሰራሕተኛታት፡ ብዛዕባ ምቅላዕ/መልከፍቲ ኮቪድ-19 ኣመልኪቶም ኣብ ዝሕብርሉ እዋን፡ ብኣውራጃ ንእተዳለወ ፕሮቶኮል ኮቪድ-19 ብቐጻሊ ይጥቀሙ።

ህንጻታት ኣብያተ-ትምህርትን ኣውራጃን፡ ንኹሉ ስትራተጂታት ምክልኻል ሕማም ብቐጻሊ ከተግብራ እየን። ኩሎም ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ንኽወድዩ ዝቐርብ ጠለባት ንዘጠቓለለ ብሉጽ ልምድታቶም/ኣካይዳኦም ምምሕያሽ ንኽገብሩ መሰሎም ሕሉው እኳ እንተኾነ፡ ኣውራጃ፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ወረዳን ኣውራጃን ዘጋጥም ሕማማት ብቐጻሊ ኽከታተል እዩ።

ንጠለባት ክታበት፡ ናይ ምክትታል መርመራታት ወይ ጉጅለኣዊ መርመራታት ብመሰረት'ቲ ዘሎ እዋናዊ መጽናዕታዊ ምርምራት፡ ሕክምናዊ ምምኽኻርን ወሰኽ ቊጽሪ ሕሙማትን መፍትሒ ንኽረኽበሉ፡ ምስ መሻርኽቲ ኮማት ብቐጻሊ ክሰርሕ እዩ።

DeKalb County
School District

